ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

**ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE**

Our ref.No. ________________ Date ____________________

Your ref.No. ________________

<u>***ናብ ክቡር ኣቶ መለስ ዜናዊ***</u>
<u>***ቀደማይ ሚኒስተር ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ***</u>

ብቐዳምነት ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ኣኽብሮት ሰላምታይ ከቕርበልኩም እፈቱ፡፡

ዝኸበርኩም ቀዳማይ ሚኒስተር

ኢትዮጵያ ኣብ መጀመርያ ወርሒ መስከረም መበል 2000 ዓመት ብዓል ሚሊንየም ከተብዕል ኣብ ምሽብሻብ ትርከብ ምህላዋ ሓደ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኢዩ፡፡ እዚ ኣብ ሕብረተሰብ ዓለም ፍሉይ ናይ መንነታን ታሪኻን ሓደ መግለጺኣ ዝኾነ በዓል"ዚ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመላእ ህዝቢታት ኣፍሪቃ እውን ኩርዓትን ሓበንን ዝኾነ ኣጋጣሚ በዓል እዩ፡፡

መላእ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ከኣ ነዚ ኣብ ሓደ ሽሕ ዓመት ሓደ ጊዜ ዝኽሰት ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ናይ ሚሊኒየም በዓል"ዚ ብዓቢ ድምቀትን ተዘክሮን ከብዕልዎ እንከለው ሃገራዊ ምርድዳእ ኤዕዚዞም ኣብ ናይ ሓባር ራእይ ብሓባር ዝወፍሩሉን፡ ምስሊ ሃገሮም ንኻልኦት ዘላልዩሉን፡ ጸጋታት ተፈጥሮኦም ብጽቡቕ ዝዕቕቡሉን ዘቃልሑሉን ሱር ድኽነት ዝምሕውሉን፡ ብኸቢድ መስዋእቲ ዝተበገሰን ዝተበጽሐን ናይ ሰላምን ዲሞክራስን ቁጣባዊ ምዕባለን ጉዕዞ ኣማዕቢሎም ዝምርሽሉን ዓመት ክኾነሎም ዘሎና ምንዮት ክገልጽ እንከለኹ ዝስማዓኒ ሓጎስ ወሰን የብሉን፡፡

እዚ ታሪኻዊ በዓል"ዚ ንመላእ ህዝብታት ኣፍሪቃ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ይኹን ደኣምበር ብሕልፊ ንኽልቲኡ ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብታሪኽ ብባህሊ ብሃይማኖት ብጂኦ ፖለቲካዊ ቅርጻ ምድራዊ ኣቀማምጣ ብናይ ቀረባ ጉርብትና ዝተኣሳሰራ ሃገራት ምዃነን ጥራሕ ዘይኮነስ ጸረ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ዝተኻየደ ዝተናወሐ ጅግንነታዊ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ብሓባር ዝተዋደቑ ውጹዓት ህዝብታት እውን ብምዃኖም ፍሉይ ዝገብሮ ምኽኑ ዘይካሓድ ሓቂ እዩ፡፡

እዚ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ኣብ ማዕርነትን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓን ምክብባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምትእትታዋትን ኣብ ሓበራውን ሰላማውን ናብራን ዝተመስረተ ምዕቡል ዝምድናታት ከይፍጠር ዓንቂፉ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ከይተወገደ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ዞባና እዚ መትከላዊ እምነታት እዚ ባህሪያዊ ቦትኡ ክሕዝ ኣይክእልን፡፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሓደ ካብ ዕላማታቱ ነዚ ክውን ንምግባር ከይተሓለለ ዝቃለስ ዘሎ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር እዩ፡፡

ኣብ መደምደምታ ቃለይ እንቋዕ ንመበል 2000 ዓመት ናይ ሚሊኒየም በዓል ኣብጸሓኩም እናበልኩ ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ደጊመ ዮሃናይ እገልጸልኩም፡፡ ዓመት 2000 ንመላእ ህዝብታት ኢትዮጵያን ብኢህወደግ ዝምራሕ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ናይ ሓጎስን ብልጽግናን ዓመት ክትኮነሎም እምነ፡፡-

ምስ ብዙሕ ሰላምታ

ሑሴን ኸሊፋ
ኣቦ መንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
5 መስከረም 2007